# መምርሒ ኣባይቲ፥ ንኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስደተኛታት

## ናይ ክራይ ሓላፍነታትን ናይ መንበሪ ኣባይቲ ክፍሊታት ብኸመይ ከምእትኸፍሎን

ሓጺር ጽሑፍ 7 – ሚያዝያ 2003

Rent and housing cost - Tigrinya

HAPPY TO TRANSLATE

መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰይኑ፡ ናይ መንበሪ ኣባይትኹም ክራይ ምኽፋል ሓላፍነትኩም ይኸውን። እዚ ሓጺር ጽሑፍዚ ትሑት ኣታዊ ምስዝህልወኩም ወይድማ ስራሕ እንተደኣ ዘይብልኩም ኰይኑ ሓገዝ ብኸመይ ከምእትረክቡ መምርሒ ዝህብ ጽሑፍ እዩ። ከምእውን ናይ መንበሪ ኣባይትኹም ክራይ ንምኽፋል ብኸመይ ሓገዝ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉ ሓበሬታ ይህብ።

ከም ተኻራያይ መጠን ክራይኩም ክትከፍሉ ሓላፍነት ኣሎኩም። ክራይኩም እንተደኣ ዘይከፈልኩም ካብ መንበሪኹም ክትባረሩ ከምእውን መንበሪ ኣባይቲኹም ክትሕደጉ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ጉዳይ እዚ ቀሊል ዝለዘይኮነ፡ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ፤ ነዚ ድማ ብኸመይ ከምእትገብርዎ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍዚ መወዳእታ ተገሊጹ ኣሎ።

### ገዛይ ካብ ካውንሲል ወይ ድማ ማሕበር ኣባይቲ እየ ተኻርየዮ። ክራይ ንምኽፋል እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክረክብ እኽእል?

ኣታዊኹም እንተደኣ ትሑት ኰይኑ ወይድማ ናይ ዌልፌር በነፊት ትቕበሉ እንተ ኰንኩም፡ ናይ ኣባይቲ በነፊት ንኽወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

### ነዚ ብኸመይ ክገብሮ እኽእል?

ሓገዝ ከድልየኒ እዩ ኢልኩም ኣብ ዝሓሰብክምሉ ግዜ፡ ሽዑ ንሽዑ ናብ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ካውንሲል ናይ ኣባይቲ በነፊት ጽሕፈት ቤት ክትድውሉ ወይድማ ብኣካል ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። እቶም ዝብሉ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ድማ፡ ናይ ይግበኣኒ ፎርም መሊእኩም ክትመልስዎ ክህቡኹም እዮም።

ነቲ ፎርም ኣብ ምምላእ ሓገዝ እንተደኣ ኣድልይኩም፡ ነቲ ኣብ ናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል ዘሎ ናይ ኣባይቲ ጉጅለ ብስልኪ ቁጽሪ
0800 085 6087 ወይድማ ናይ ገንዘብ ምኽሪ ዝህብ ኤጀንሲ ተወከሱ። ዝርዝር ኣድራሻታት ንምርካብ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ተመልከቱ።

ነቲ ዝመላእክሞ ፎርም ናብቲ ካውንሲል ክትመልስዎ እንከለኹም፡ ናይቲ ኣብኡ ተሓቲቱ ዘሎ ብምልኡ መረጋገጺ ከተቕርቡ ይግበኣኩም – መንነት፣ ኣታዊ፣ ክራይ፣ ወዘተ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk

Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639

ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መዕቆቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ድጋፍ ንምርካብ ዘድሊ መምዘኒታት ብምባል ተገሊጹ ሓበሬታ ተመልከቱ፥ http://scotland.shelter.org.uk/__data/assets/pdf_file/0014/23081/Checklist_-_items_to_support_a_benefit_claim.pdf

ነቲ ፎርም ምስ ኣረከብክሞ፡ ንዑኡን ንኻልእ ዝኾነ ዘረከብክሞ ደኩመንትታትን ከምዘረከብክሞ ዝገልጽ ቅብሊት ክወሃበኩም ሕተቱ።

**ካብዚ ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?**

እቲ ካውንሲል ናይ ኣባይቲ በነፊት ክትቅበሉ ብቑዕ ምኻንኩምን ዘይምኻንኩምን ከምእውን ብቑዕ እንተኾንኩም ክንደይ ይግበኣኩም፡ ክውስን እዩ። ውሳነ ኣብ ምሃብ ምእንቲ ክሕግዞም ድማ፡ ዝያዳ ሓበሬታታት ንክትህቡ ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲ መልሲ እንተ'ዘይረኺብኩም፣ ናይ ገዛ ክራይኩም ክፍሊት ንድሕሪት ከይትተርፉ (ከይትድንጉዩ) ምስ ቤት ጽሕፈት ረብሓ ኣባይቲ ተራኸቡ።

እቲ ካውንሲል እንታይ ከምዝወሰነ ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ። ክሕግዝኹም እንተደኣ ክኢሎም፡ እቲ ካውንሲል ብቐጥታ ነቲ ዘካርየኩም ኣካል በነፊት ክኸፍል ይጅምር። እቲ ዝተወሰነ ናይ ገንዘብ መጠን ጌጋ እዩ ኢልኩም እንተደኣ ትኣምኑ ኰንኩም፡ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም። ካብቶም ኣብ መወዳእታ ናይዚ ጽሑፍዚ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኤጀንሲታት ምኽሪ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**መንበሪ ገዛይ ካብ ናይ ግሊ ወናኒ ኣባይቲ እየ ተኻርየዮ። ክራይ ንምኽፋል እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክረክብ እኽእል?**

ኣታዊኹም ትሑት እንተደኣ ኰይኑ ወይድማ ስራሕ እንተደኣ ዘይብልኩም ኰይኑ፡ ካብ ናይ ከባቢ ኣባይቲ ኣበል ናይ ምውሳድ ዕድል ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ብቑዕ ምኻንካ መረጋገጺ ምቕራብ ዝተሓላለኸ ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ነቲ ናይ ከባቢኹም ካውንሲል ናይ ግሊ ኣባይቲ ተካረኻ ክንደይ ከምትኸፍል ሕተትዎ። ከምእውን ካብቶም ኣድራሻኦም ኣብ መወዳእታ ናይዚ ጽሑፍዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ምኽሪ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ሓገዝ ብኸመይ ክረክብ እኽእል?**

ብናይ ግልኹም ክትካረዩ እንተደኣ ትሓስቡ ኰንኩም፡ መጀምርያ ክንደይ ናይ ኣባይቲ በነፊት ክወሃበኩም ከምትበቕዑ ንምፍላጥ ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ካውንሲል መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ። ሓገዝ የድለየኒ እዩ ኢልኩም ኣብ ዝሓሰብክምሉ ግዜ፡ ሽውንሽው ናብ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ በነፊት ካውንሲል ኣባይቲ በነፊት ጽሕፈት ቤት ክትድውሉ ወይድማ ብኣካል ክትከዱ ይግባእ። እቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ኣባላት ሰራሕተኛታት ድማ፡ ናይ ይግበኣኒ ፎርም መሊእኩም ክትመልስዎ ክህብኹም እዮም። ከምእውን ኣብኡ ከለኹም፡ ናይ ካውንሲል ግብሪ በነፊት ኽወሃበኩም እትሓትሉ መመልከቲ ፎርም ክወሃበኩም ክትሓቱ ይግበኣኩም።

ነቲ ፎርም ኣብ ምምላእ ሓገዝ እንተደኣ ኣድልይኩም፡ ነቲ ኣብ ናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል ዘሎ ናይ ኣባይቲ ጉጅለ ብስልኪ ቁጽሪ 0800 085 6087 ብምድዋል ተወከስዎ።

**ተማሃራይ እንተደኣ ኰይነ፡ ክራየይ ንምኽፋል ሓገዝ ብኸመይ እረክብ?**

መብዛሕትኦም ናይ ምሉእ ግዜ ተመሃሮ ናይ ኣባይቲ በነፊት ንምቕባል ብቑዓት ኣይኮኑን። እንተኾነ ግና ናይ ከፊል ግዜ ጥራይ ትመሃሩ እንተደኣ ኰንኩም ወይድማ ካብቶም ዘይምልከቶም ክፍሊ ምስትኾኑ፡ ካርይኩም ብዝምልከት ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፡ ብዘይ ሰብኣይ/ሰበይቲ ደቅኹም ተዕብዩ እንተደኣ ኰንኩም፡ ወይድማ ስንኩል ምስትኾኑ፡ ናይ ኣባይቲ በነፊት ክወሃበኩም ይኽእል እዩ።

ተማሃራይ እንተደኣ ኴንካ፡ ንናይ ኣባይቲ በነፊት ንምውሳድ ብቑዕ ክገብረኩም ዝኽእል መምዘኒታት ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ናይ ክፍሊ ዕዮን ጥሮታን መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፡

http://www.dwp.gov.uk/publications/specialist-guides/technical-guidance/rr2-a-guide-to-housing-benefit/students/

ተመሃራይ እንተደኣ ኴንካ፤ ብዛዕባ ናይ ኣባይቲ በነፊት ምቕባክ ዝምልከት ካብቲ ናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት ካውንሲል፣ ናይ ስኮትላንድ መዕቀቢ፣ ወይድማ ናይ ከባቢ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ኣባይቲ በነፊት ንምቕባል ብቑዓት እንተደኣ ዘይኮንኩም፡ ዝያዳ ምኽሪ ንምርካብ ነቲ ኣብቲ ትመሃርሉ ቤት ትምህርቲ ወይድማ ዩኒቨርሲቲ ዝርከብ ናይ ተማሃሮ ኣገልግሎት ጽሕፈት ቤት ክትውከሱ ትኽእሉ።

## ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?

እቲ ካውንሲል ናይ ኣባይቲ በነፊት ክትቅበሉ ብቑዕ ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ከምእውን ብቑዕ እንተኾንኩም ክንደይ ይግበኣኩም፡ ክውስን እዩ። ውሳነ ኣብ ምሃብ ምእንቲ ክሕግዞም ድማ፡ ዝያዳ ሓበሬታታት ንክትህቡ ክሓትኹም እዮም።

ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲ መልሲ እንተ'ዘይረኺብኩም፣ ናይ ግዛ ክራይኩም ክፍሊት ንድሕሪት ከይተተርፉ (ከይትድንጉዩ) ምስ ቤት ጽሕፈት ረብሓ ኣባይቲ ተራኸቡ።

እቲ ካውንሲል ውሳኔኡ ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ። ኽሕግዝኹም እንተደኣ ክኢሎም ድማ፡ እቲ ካውንሲል ነቲ ዝተገልጸ መጠን ናይ ገንዘብ ክኸፍለኩም ይጅምር።

እቲ ካውንሲል ክኸፍሎ እየ ዝበሎ መጠን ናይ ገንዘብ፡ ነቲ ናይ ክራይኩም ዋጋ ብምልኡ ዘይሽፍን እንተኾይኑ፡ ነቲ ፍልልይ ዝሽፍን፡ ካልእ ናይ ኣባይቲ ክፍሊት ክወሃበኩም፡ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሕቶኹም ብኸመይ ከተቕርብዎ ከም እትኽእሉ ምክሪ ንምርካብ ካብዞም ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሓጺር ጽሑፍ'ዚ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገልግሎታት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ክራይ ኣብ ምኽፋል ደንጉየ ኣለኹ። እንታይ ክገብር እኽእል?**

ክራይ ገዛኹም ከይከፈልኩም ምድንጓይ "ኣብ ትሕቲ ዘይተኸፍለ ዕዳ ምዃን" ተባሂሉ ይጽዋዕ። ናይ ክራይ ዘይተኸፍለ ዕዳ እንተደኣ ኣሎኩም ኰይኑ፡ እቲ ዘካርየኩም ወናኒ ኣባይቲ ካብ ገዛኹም ከውጽኣኩም ስለዝኽእል፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ሓገዝ ክትደልዩ ይግበኣኩም።

ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ይግበኣኩም፥

- ምስቲ ዘካርየኩም ወናኒ ኣባይቲ ተዛራረቡ

  ነቲ ግዚኡ ዝሓለፈ ዕዳኹም ክትከፍልሉ እትኽእሉ ስምምዕ ክትበጽሑ ይከኣል ይኸውን። ካብ ካውንሲል ወይድማ ማሕበር ኣብይቲ እንተደኣ ተኻሪኹም ኰንኩም፡ ክራይኩም ንኽትከፍሉ ክሕግዘኩም ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት በነፊት ክትቅበሉ ብቑዕ ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ከረጋግጹ ይግባእ። ሓደሓደ ወነንቲ ኣብይቲ ድማ ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ናይ ወልፌር መሰላት ዘተግብሩ ሰበስልጣናት ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም።

  ካብ ናይ ግሊ ወነንቲ ኣባይቲ እንተደኣ ተኻሪኹም ኰንኩም፡ ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ናይ ካውንሲል ቤት ጽሕፈት በነፊት ኣባይቲ ክትውከሱ ይግባእ፥ ናይ ከባቢ ናይ ኣባይቲ ኣበል ንምቕባል ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

- ሓገዝ ርኸቡ

  ነቲ ናይ ዜጋታት ናይ ምኽሪ ማእከል፣ ናይ ከባቢ ናይ ምኽሪ ማእከል፣ ወይድማ ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ተወከስዎ። ኣይትደንጉዩ!

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

ነዞም ዝስዕቡ ክትውክስዎም ትኽእሉ ኢኹም፥

**ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለ**

ምኽሪ ንምርካብ ወይድማ ምስ ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ ቆጸራ ምንሓዝ በዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ብናጻ ደውሉ፥ 0800 085 6087

**ናይ ስኮትላንድ ዑቕባ**

ናጻ ምኽሪ ንምርካብ በዚ ቁጽሪ እዚ ደውሉ፥ 0800 800 4444

**ኣዎንታዊ ዝኾነ ናይ ኣባይቲ ስጉምቲ**

ብዛዕባ ዝህብዎ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ንምርካብ ናብዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ደውሉ፥ 0141 353 2220

**ናይ ከባቢ ናይ ምኽሪ ማእከል**

ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ማእከል ንምርካብ፡ ናብቲ GAIN ዝብል መስመር ሓበሬታ ብስልኪ ቁጽሪ 0808 801 1011 ደውሉ

ኣብቲ ናይ ስኮትላንድ ዑቕባ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ክራይ ምኽፋል ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥ http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/paying_for_a_home/paying_rent



ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639